# ተዘክሮ ሰማእታት።

ሰማእታት ምእንቲ ህዝብ'ኹምን ሃገርኩምን ካብ ትቃለሱን ተሓልፉን ሒዝና ኣብ ልቢ ኩሉ ዜጋ ክቡር ቦታ ሒዝኩምን ትዝከሩን ሙ'ኳንኩም ትስሕትዎ ኣይመስለንን። ኣብ እንገብሮ ኣኼባ ይኹን ውራይ ብዝ'ክር'ኹም ንድምድሞ። ንዝክረኩም ንጽልየልኩም። ንትር'ሽልኩም። እዚ እቲ ምእንታ'ኹም እንገብሮ ጸቡ'ቕ ከም ጽቡቅ እንተተወሲዱ ክ'ሽውን እንከሎ ኢዩ። ሰነ 20 መዓልቲ ስውኣት ተባሂላ ካብ ትንገረና ካብ ሰነ 1991 ንድሓር ከኣ ሽምዓና ወሊዕና በብዓ'ቕምና ብዛዕባ'ኹም ከነብዕላ ካብ እንጅምር ከኣ ዓሰርተው ሽውዓተ ዓመታት ኮይኑ ኣሎ።

እቲ ሳላ'ኹም ናጻ ዝወጸ መሬትኩም ሕጂ`ውን ሳላ`ቲ ብስምኩም ዝሽቅጥ ዘሎ ብስሰዐ ስልጣን ዝሰ'ኸረ ግለ-ሰብ እንደገና ኣብ ኢድ ጓና ወዲቑ ኣሎ።ሰኣን ሜላን ትሕትናን ምስ ኩሉ ማሕበረሰብ ዓለም ከም ተና'ኻሳይ ዑኮት መርዛም ቃላት እንዳተፍኤ ንኤርትራ ሃገርኩም ዓርኪ መሓዛ ዘይብላ ጌሩዋ ኣሎ።
ኣብ`ዚ ንመበል ዓሰርተው ሽውዓተ ዝ'ክር'ኹም ንነግረኩም ብዙሕ ጽቡ'ቕ ወረ የብልናንን። እወ እቲ ንስልጣን ህዝቢ ገቢቱ ሒዙ ዘሎ ነቶም ኣብ ጽንኩር ኩነታት ዝኣልዩ'ኹምን ዝመርሑ'ኹምን ዝነበሩ ትፈልጥዎም መራሕቱ'ኹም ዝነበሩ ከም ብዓል ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሞን ብርሃነ ገረዝጊሔር ዑ'ቕበ ኣብርሃ በራ'ኺ ገብረስላሴ ኣስቴር ፍስሓጼን ጀርማኖ ናቲ ቢተወደድ ኣብርሃ እሲፋኖስ ስዩም ማሕሙድ ሸሪፎ ሃይለ ወልደትንሳኤ/ድሩዕ/ሳልሕ ከክያ ን ካልኦት ብዙሓትን ሕድሪ ስውኣትና ነ'ኽብር ስለ ዘበሉ ኣብ ዘይፍሉጥ ቦታ ተእሲሮምስ ኣበይ ከምዘለው`ን ኣይንፈልጥን ኣሎና። እቲ ዝገርመኩም ነዞም ትፈልጥዎም ብኣንጊሆም ሃዲሞም ዝነበሩ ናይ መንነት ጸገም ብዘለዎም ከም እኒ ሓጎስ ገብሪሂወት./ክሻ/ ተንቤነታይካብ ኣሜሪካ ድሕሪ ናጽነት ንኤርትራ ዝኣተወ የማነ ገብረመስቀል/ቻርሊ/ኣብ ኤውሮጳ ተሰዲዱ ዝነበረ ብዛዕባ ቃልስኩም ኣብ ኣትላንታን ናይሮብን ዝፈለጠ ብኣሽሓት ማይላት ካብ ቃልሲ ርሒቑ ዝነበረ ተተኪኦም ብስምኩም ይሽቅጡ ኣለው።
ገለ ካብቶም ህቡባት መራሕቲ ዝነበሩ ኣብቲ ተዳጉኖምሉ ዘለው ከምዝሞቱ`ውን ይውረ ኢዩ። ምስኦም ኣዛሚድካስ ናታትኩም ይበልጽ።ቁርጹ ስለ ዝተፈልጠ!!

ገለ ካብቶም ተፈልጥዎም ካብ ርሱን ዓውደ ኩናት 40-50ኪሎ ሜተር ርሒ'ቖም ብመራ'ኸቢ ራድዮ ጌሮም በለን--በለን ዝብሉ ዝነበሩ ኣብ ሩሱን ኣ'ኼባታት ዝንቀፉ ዝነበሩ ከም ብዓል ሃይለ ቻይና ብብልሽውና ዝንቀፉ ዝነበሩ ብዓል ፊሊጶስ ሎሚ ገበርትን ሓደግትን ኮይኖም ነደዳትኩምን ኣዴዳቶምን ይኣስሩን ይቀጽዑን ኣለው።ነቶም ተረፍኩም ስንኩላን ኩናት ሓደ ጊዜ ንመሰሎም ክሓቱ እንተፈተኑ ብጥይት ከም ዝሃጅሞምን ከምዝቀንጸሎምን ነዊሕ ስለ ዝገበረ ሰሚዕኩሞ ትኮኑ ኢ'ኹም።

ነቲ ብጻዕር'ኹም ተደምሲሱ ዝነበረ ድሑር ሕብረተሰብኣዊ ሕማማት ማለት ብሃይማኖት ብወገን ብኣውራጃ ምፍልላይ ከምብሓዲሽ ኮስኲሶም ኣማዕቢሎሞ ንሓድነት ህዝብ'ኹም ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእቲዎሞ ኣለው፡።

መራሒ ናይዞም ጃንዳ ኢሳያስ ኣብ ብደምኩም ዝተረ'ኸበት ሃገር ምርጫ ኣይግበርንዩ ታሪ'ኻዊ ሓላፍነ ተሰኪመ ኢየ ንኤርትራ ክገዝኣ ይብለና ኣሎ። ንሕና እውን ሰኒፍና ዲና ትሕትና ጌርና ንጅግንነትኩም ኣይወረስናዮን ኣሎና። ግን እዚ`ኳ ዘይከውን ስለ ዝ'ኾነ ምልዓልናስ ኣይተርፍን ኢዩ። ኣሕዋት መን ኮና ? ደቂ መን ኮና? ዝእረም መሲሉና ተዓጊስና እምበር ከምዚ ዝ'ሽዶ ዘሎስ ትዕግስትና ኣብ ምውዳእ ኢና። ቅሰኑ ማሕላ'ኹም ክትግበርዩ።

ጥምየት ኣብ ሃገርና የንጸላሉ ኣሎ ም'ኽንያቱ ከምቲ ኣቐዲመ ዝነገርኩ'ኹም ወረስት'ኹም ጌና ኣብ ድፋዕ ስለ ዘለው። ዘየድሊ ኩናት ጀሚሩ ሃገር ኣብ ሽግር ስለ ዘውደቓ ። ሰሪሑ ዘፍሪ ኣብ ጎቦታት ስለ ዘሎ። ብሞቑነን ጌሩእ'ኽሊ ይዕድል ኣሎ።

እቲ ቃልስና ምእንቲ ህዝብና ዝብል ዝነበረ ሎሚ ቃልስና ምእንቲ ``ኢሳያስ`` ኮይኑ ኣሎ ንጊዜኡ።እቲ ህዝብና ክርህዎ ዝብል ዝነበረ ተረሲዑ ህዝቢ ካብ ጊዜ ደርጊ ንላዕሊ ጸልሚትዎን ከፊእዎን ኣሎ። እቲ ከም ሓጺን ተሪሩ ዝነበረ ሓድነት ዜጋታት ሎሚ ኣብ ፈተነ ወዲቑ ነንሕድሕዱ ምትእምማን ከምዘይህልዎ ዓቢ ባጀት ፈሲሱ ኣብ ፈተነ ኣውዲ'ቕዎ ኣሎ።
እቲ ብስምኩም ዝሽቅጥን ብስም ህዝብን ሃገርን ዝመጻደ'ቕን ብዘይካ ስልጣኑ ዝዓጠ የብሉን።
ደቁ ብሄልኮፕተርን በፍራስን እንዳዛወረ ወዲ ስዉእ ቦጃል ስረ ተ'ኸዲኑ ይ'ኸይድ ኣሎ ኣብ ድፋዕ፡

መታን ብዙሕ ከይትሓርቁ እምበኣር ኣብዚ ከቃርጾየ። ቃልሲ ግን ክቕጽልዩ። ንሸቐጥ ዘይኮነ ሓቀኛ ዝኽርኹም ዝደምቀሉ ርሑቕ ኣይክኸውንን`ዩ።

ሕጂ`ውን ከይፈተኹ ሓንቲ ክነግረኩም ዘይደለኹ ክነግረኩም ኣፍቂዱለይ!!

እቲ ቀደም ምእንቲ ህዝብኹምን ሃገርኩምን ንሜዳ ክትወጹ እንከሎኹም ሽዑ ዝነበረ ሕሱም ባዕዳውያን ገዛእቲ ናበይ ከምዝኸድኩም ኣጻርዩ እንዳፈለጠ ኣብ ልዕሊ ወለድኹም ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣይነበረን። በንጻሩ ንዑ ከድኩም ንደቅኹም ናብ ወላዲት ሃገሮም ምለስዎም ዝብል ምስሉይ ሕቶታት ኢዩ ዘቕርብ ዝነበረ።

ሎሚኸ? `` እቲ ናትና ዝመሰለና ግን ዘይናትና`` ባዕሉ ዝነገሰ መንግስቲ ንፍረ መስዋእትኹም ናቕፋ 10ሺሕ ጌሩ ንወለድኹም ከምዝጠበሮም ዝጸንሐ ታሪኽዩ። ሎሚ ንንኡስ ሓውኹምን ንእስቲ ሓፍትኹምን  ምግዛእትኻ በርቲዑና ኣያታትናን ኣቦታትናን ዝሓለፍዎ ሽግር ንዓና ክርህወናዩ ኔሩ ሕጂ ተመሊስካ ናብ ንሃገርናን ህዝብናን ዘይጠቅም ኲናት ኣይትጠብሰናን ኢኻ ኢሎም ብምቅዋም ካብ ብጻዕርኹም ናጻ ዝWኣጸት ሃገሮም ናብ እግሮም ዝመርሐም ሃጽ ኢሎም ይጠፍኡ ኣለው። ነዚ ተቓውሞ ዜጋታት ብተሪር መቕጻዕቲ ክገጥሞ ፈቲኑ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ። ንመስዋእትኻ ብ10ሺሕ ጠቢሩ ንካብ ሃገር ዝወጸ ናቕፋ 50ሺሕ ትቕጻዕ ኣላ።

ካልእ ተወሳኺ ክነግረኩም እታ ሓንቲ ሓበን ሃገር ዝነበረት ሳላ ደናግል ዝተሃንጸት ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ምዕጻዋ ኢዩ። ስለምንታይ ሐሕማቑ ትነግረና ትብሉኒ ትኾኑ!! ሓቐኻትኩም ግን ጽቡቕ የልቦን ኣብ ምልኪ ህ.ግ.ደ.ፍ!! ንህዝቢ ዘታልለሉ ዝተሰርሐ ጽርግያታት ኣሎ። እዚ ብናጻ ጉልበት ዜጋታት ዝስራሕ ጽርግያታት በቲ ዝግልገለሉ መራኸቢኣኡ ጌሩ ይጅሃረሉዩ። ብፍቶትን ብተበግሶ ህዝብን እንተዝኸውን ካብኡ ዝበለጸን ዕጽፍን ምተሰርሐ ኔሩ።በሉ ክሳብ ሓቀይና ዝኽሪ ንገብረልኩም ሰላም ዕረፍቲ።

ሓቀኛ ዝኽሪ ንስውኣትና።

*ዓብዱ-ሰላም ብርሃኑ።*